*** ናፊቐዮ ሎምስ ***

ትዝሩ ዶ ከምዚ ሎሚ ሃንሰ መስቀለ

ሆየ ሆየ ክበሃል ጎራዙ ክሕጸባ ማይ ዓቕመ
ዓኾዃይ ዓኾዃይ ገዓት ሓምሊ ክወጽእ
ኣምሳይኡ ጠስሚ ኣጅቦ ብራሕ ርግኦ ክትክእ

በጊዕ ተሓሪዳ ምስ መኣዲ ብርኩት ድሎት
ቡን ሻሕሻሕ ሰቲ ተነስኒሱ ሽላን ኣውድኣመት
ሓድሽ ክዳን ምስ ምዕሩግ ዙርያ ኣደይ
ሎሚ እምበር ዘኪረዮ ናብራ ባህሊ ደ ቦይ

ሳዕሪ ጸናዕቲ ምስ ገልገለ መስቀለ
ክቡር ኣውደኣመት ዓይላ ቅርዓት ጎምበለ
ወድሰ ንወዳድሰ ክብላ ጎራዙት ዓድና
ሎሚ ተራእዩኒ ኣውድኣመት ኣብ ጽምዋ ዓዲ ዓና

ዘበነ ራህዋ ዘበነ ራሕሲ

ዘበነ ጠለለት ዘበነ ልግሲ

ዘበነ መስተርሆት ሺሻያ መስከረም
ስልምቲ ወቕቲ ራህዲ ህያባ ለምለም

ሰናይ ልግሳ ሰዊት ክንጠብስ ህንኩቶ
ዓተር ዓይኒ ዓተር ናይ ከርሲ መሬታ ውህብቶ

ካብ ማዕሙቕ ሻምገ ክንኩዕት ሽንጦ
ኩሉ ዝተሓረሞ ዓዲ ዓና ከላእ ትቐመጦ

ኣብታይ ክዕንድራ ከብቲ ጸጊበን ከዒማ

ሕሾ ዱቃ ጽራይ ምስ ሕትሞ ሳርማ

ኣካ ተራእየኒ መዓር ጥርቀ ጽራይ ክብረዝ

ቆፎና መሊኡ ልግሲ ጉርሁና ናፊቐዮ ኣነስ

መዓስ ኢሉኒ ጠላሕ
ሕምቶ ኣደይ እንዳበለኒ ቃሕቃሕ

ጎጎ ሕንባሻ ገዓት ምልሶ ሃንዛ ርባዕ
እንጀራ ዓዲ ዓና ተካል ብላዕ

ኣውድኣመት ዓደይ ሎም ስ ተመንየዮ
ቆሎ ብርዶ ሰዊት ዕፉን እምበር ቢሂገዮ
መኣዲ ገዛኻ ምስ ቤተሰብ ኣውድኣመት
ተመኒኻ ዘይርከብ ኣብ ዓዲ ዓና ኣብ ስደት

ዓድኻ እዩ ዓድኻ ምስ ምዕርግ ወግዒ ልምዱ

መሶብ ኣዴኻ እዩ ጽጋብ ሺሻይ መኣዱ

ኣቱም ሰባት ናፊቐዮ ሎም ስ ኣውድኣመት ገዛና

መኣዲ ባርኾት ማእኾት ዘለዎ ኣውድኣመትና

ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሼ) / ጀርመን